# ምርዳእ ፍቓድ (consent)

ፍቓድ ወሲባዊ ርክብ ከመይ ገይሩ ጥዑይን ኣኽብሮታውን ዝምድናታት ከምዝህልወኪ ክትጕዓዚ ኣብ እትጅምርሉ እዋን ክትርድእዮ ዘለኪ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣምር ኢዩ። እቶም ኣርባዕተ ኣገደስቲ መምርሒታት ንፍቓድ (consent) ንምርዳእ እዞም ዚስዕቡ ኢዮም፥

**ንጡፍ -** ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጾታዊ ተግባር ንምስታፍ ዝግበር ቀጻሊ ዘተን ስምምዕን።

**ወለንታዊ -** ብዘይ ጸቕጢ፣ ምትላል፣ ወይ ሓይሊ ዝወሃብ።

**ፍቓደኛ -** "ምናልባት" ወይ "ርግጸኛ ኣይኲንኩን" ፍቓድ ኣይኲኑን። 100% ሕጉስቲ/ህንጥይቲ ኪትከውን ኣለዋ እወ!

**ኣብ ዝኾነ እዋን ኪውሰድ ይኽእል -** ኣብ ዝኾነ እዋን ዋላ ኣብ ማእከል ጾታዊ ርክብ ሓሳብኪ ክትቅይሪን ፍቓድ ክትስሕቢን ትኽእሊ ኢኺ።

**ሓንቲ ሰብ ኣብ ትሕቲ ጽልዋ ድራግ (drugs) ወይ ኣልኮላዊ መስተ ፍቓድ ኪትረክብ ወይ ኪትህብ ኣይትኽእልን ኢያ።**

## ኣገዳስነት ኣይፋልን (NO)

ልክዕ ከም'ቲ ኣይፋል (ኖ) ከመይ ጌርካ ከም እትብል ምርዳእ ኣገዳሲ ከምዝኾነ፣ ቀጥታውን ዘይቀጥታውን፡- ኣይፋልን ካልኦት ሰባት ምኽባር'ዩ። እወ ንክብሉ ክትደፍኦም፣ ከተገድዶም ወይ ክትቅስቦም እንተፈቲንካ፣ *ጾታዊ መጥቃዕቲ/ዓመጽ ኢዩ።*

**ቀጥታዊ ኣይፋል፥** እዚ ንጹርን ቀጥታውን ቃላዊ ርክብ ኢዩ፥ "ኣይፋልን"፣ "በጃኻ ደው በል"፣ ወይ "ሓሳበይ ቀይረ እየ"። *መግለጺ ምሃብ ኣየድልየክን ኢዩ።*

**ዘይቀጥታዊ፥** ዘይምቾት ዘርኢ ቋንቋ ኣካላት፣ ወይ ከም "ብዛዕባ'ዚ ርግጸኛ ኣይኲንኩን" ወይ "ምቹእ ኣይኲንኩን" ዝኣመሰሉ ቃላዊ መግለጺታት፣ *እታ ሰብ ነቲ ኮነታት ከምዘይትሰማማዕ ዘመልክት ኢዩ።*

**100% ውዕዉዕ/ሕጉስ እወ እንተዘይኲይኑ ፍቓድ ከምዘይብልካ ኣይትረስዕ።**

## ዕድመ ፍቓድን ምክልኻልን

**ዕድመ ፍቓድ** (ወይ ምክልኻል) ንመንእሰያት ካብ መዝመዝቲ ዝምድናታት ዝሕልዉ ሕግታት ኢዮም። እዞም ሕግታት እዚኣቶም፣ ሓንቲ መንእሰይ ብሕጋዊ መንገዲ ጾታዊ ርክብ ክትገብር ትኽእለሉ ዕድመ፣ ምስ መን ድማ ይዝርዝሩ።

**ፍሉይነታት ተቐራራቢ ዕድመ(Close in Age Exceptions)** ማለት ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ምስ ካልኦት ኣብ ዕድሚኦም ዘለዉ መንእሰያት ርክብ ብምግባሮም ብገበን ኣይክሰሱን ኢዮም።

| | | | |
|---|---|---|---|
| እንተድኣ ኰንኪ... | 12 - 13 ዕድመ ➡ | ዝምድና ክትገብሪ ፍቓድ ክትህቢ ትኽእሊ ምስ ገለ ሰብ እገለ ዝተባህለ... | ➡ ትሕቲ 2 ዓመት ዝዓብየኪ |
| | 14 - 15 ዕድመ ➡ | | ➡ ትሕቲ 5 ዓመት ዝዓብየኪ |
| | 16 - 18 ዕድመ ➡ | | ➡ ኣብ ቦታ ስልጣን ዘየለ |

**ዕድመ ብዘየገድስ፣ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦን መንእሰያት ምስ ሓደ ናይ ምግልጋል/ምእላይ ሓላፍነት (trust) ወይ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ጾታዊ ተግባር ወይ ርክብ ክፍጽማ ክሰማምዓ ኣይክእላን።**

plea | Children of the Street